# እቲ ውሽጣዊ ተቓውሞ ዳግም ነብሰ ቕትለት ፈጺሙ መታን ከይመውት፡

ናይ ትማሊ ሓረበኛዊ ሃገራዊ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኮነ፡ ናይ ሎሚ ስማዊ ጸረ-ህዝቢ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ኣይኮነን ንህዝብታት ኤርትራ ከም ህዝብታት፡ ናይ'ቶም ኣብ መሳርዑ ተሰሊፎም: ብቐረባ መምርሒኡን ትእዛዙን ኣኽቢሮም ካብ ነዋት ክሳብ ናይ ህይወት ዋጋ ዝኸፍሉ ኣባላቱ ዝተፈልየ ርእይቶ፡ ብሰላም ብደሞክራሲ ከምዘይተኣናግድ ሕሉፍ ታሪኹን ህያው ተግባሩን የረጋግጽ።

ኣብ በበይኑ እዋናት ንስልጣን ኢሳያስ ሓደጋ'ዩም ተባሂሎም፡ ኣብ ኲናት ጠፊኡ፣ ብመኪና ሓደጋ ተሰዊኡ፣ ወቕዒ ልቢ ኣጋጢምዎ፣ ዝተመረዘ መግቢ በሊዑ፣ ብሃንደበታዊ ሕማም መይቱ ብዝብል ጉልባብ ዝጠፍኡ ውልቀ ሰባት ከይሓውስና፡ ብዝተወደበ መልክዕ፡ 1. ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ 1973፣ 2. የሚን ተባሂሉ ዝተሃርመ፣ 3. ብጎይታኦም በርሀ (ብጻይ) ዝምራሕ ኣንጻር ሕብእቲ ሰልፊ፡ ሕቡእ ሰልፊ ንምምስራት ዝተገበረ ፈተነ፣ 4. ቁጠባዊ ሕቶ መሰረት ዝገበረ ፖለቲካዊ ብስለት ዝጎደሎ ኣድማ ተጋደልቲ 1993፣ 5. ማሕበራውን ፖለቲካውን መሰላት ዝጠልብ ኣድማ ውጉኣት ሓርነት 1994፣ 6. መሰረታዊ ናይ ስርዓት ለውጢ ዘይኮነ፡ ጽገናዊ ለውጢ ክግበር ዝጠልብ ብላዕለዎት ሓለፍቲ ውድብን መንግስትን ዝተመረሐ ( ብጉጅለ 15) ዝፍለጥ ተበግሶ፣ 7. ንደሞክራስያዊ ምንቅስቃስ 1973 ከምኡ'ውን ንተበግሶ ጉጅለ 15 ኣብ ምብርዓን ልሉይ ተራ ብዝነበሮ ብመጋበርያ ኢሳያስ ብዝፍለጥ ውልቀ-ሰብ ተኸዲዑን ታቓሊዑን ጅግና ወዲ ዓሊ ዝተሰወኣሉ ብዙሓት ድማ ዝተኣስርሉ ፈተነ ዕልዋ 21 ጥሪ 2013፤ 8. ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ኣብ 2001 ዘስምዕዎ ተቓውሞን ….ወዘተ ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ (ናይ ሎሚ ጸረ-ህዝቢ ስማዊ ጉጅለ ህግደፍ) ዝተራእዩ'ሞ ብጉድለት ጥንቁቑ ውደባ ፍረ ከየርኣዩ ዝበርዓኑ ፈተነታት ንመለበሚ ዝኸውን ኣብነታት ንምጥቃስ ይከኣል።

ከም ህዝብን ሃገርን ኣብ ትሕቲ ፍጹም ዓፋኒ ጉጅለ ንነብር ክሳብ ዝሃለና፡ ተረጊጽና ተዓፊና ኣይንነብርን። ከም ባህልናን ታሪኽናን እምቢ ንዓፈና፡ እምቢ ንዘቤታዊ መግዛእቲ፡ ሕራይ ንደሞክራሲ ልዕልና ግዝኣተ ሕጊ ምባልና በፍጹም ኣይተርፍን። በበውልቀና ክንቅየም ክንቅዋም ኢና። ኣብ ገገዛና መምስ ንኣምኖ መቕርብና ጸገምናን መፍትሒኡን ኣመልኪትና ክንሓሚ ክንዛረብ ኢና። ግዕዙያት ሓለፍቲ ንዝፍጽምዎ ግፍዕታት ኣብ ልብና ክንስንድ፡ ግፉዓት ወገናትና ዝተኣስርሉ፣ ዝተጨውይሉ፣ ንብረቶም ዝተራሰየሉ፣ ዝተቐትልሉ፣ ኣባይቶም ዝፈረሰሉ ደሓን ንጸባጸበላ ብዱልን ብዳልን ኣብ ቅድሚ ሕጊ ቀሪቦም ዝፋረዱላ ሓንቲ መዓልቲ ኣላ እናተበሃሃልና ብሕራነ ምስትንታና'ውን ዘይተርፍን።

በዚ ሕሱም ኣገዛዝኣ ትዕግስቶም ዝወድኡ፡ ንስለ ድሕነት ውጹዓትን ብዙሓትን ኣንጻር መላኺ ስርዓት ህይወቶም ክውፍዩ ዝመነኑ፣ ታሪኽ ሰሪሖም ታሪኽ ክኾኑ ዝወሰኑ ወገናት፡ ከም'ቲ ናይ ቅድሚ 1991ን ድሕሪኡን ብዝተወደበ ኣገባብ ንመሰረታዊ ፖለቲካዊ ለውጢ ኣብ ውሽጢ'ቲ ኤርትራ ከም ዝብገሱ'ውን ከም ህዝብን እቲ ዘቤታዊ መግዛእቲ ፈጢርዎ ዘሎ ምረትን ኣብ ጸብጻብ ብምእታው ምጽባይ ባዶ ሕልሚ ኣይኮነን። ድሮ'ውን ሕጊ ኣብዘይብላ ሓደ ሰብ ከም ድላዩ ኣብ ዝጋነዘየላ ሃገር፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ፖለቲካዊ ሩሕ ዘለዎ፡ ብወጽዓ ብንብዓት ህዝቢ ዝግደስ ሚኒስተር፣ ኣማሓዳሪ፣ ኣምባሳደር፣ ኮለኔል፡ ጀነራል፡ ኣሎ ኢልካ ክትዛረብ'ኳ ዘጸግም እንተኾነ፡ ገለ ካብቶም ስማውያን ሚኒስተራትን ጀነራላትን ኣብ ኣካይዳ ውልቀ መላኺ ዘለዎም ቅሬታ ዓው ኢሎም ክዛረቡ ጀሚሮም ኣለው ዝብል፡ ሓቅነቱ ንቕድሚት ዝረአ ኮይኑ ኣብ ገለ ገለ መራኽቢ ብዙሓን ግን ክናፈስ ጀሚሩ ኣሎ።

ኮታ ህዝብታት ኤርትራ ካብ ግዳም ይምጻእ ካብ ውሽጢ ኣርዑት መግዛእቲ ተሰኪሙ ዝነብር ሕቖ ስለዘይብሎም፡ ናይ ተወፋይነት ጅግንነት መኻናት ስለዘይኮኑን መዓስ ብኸመይ ብበዓል መን ብዘየገድስ ካብ ውሽጢ ዝብገስ ናይ ለውጢ ሓይሊ ከም ዘሎ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኣብ'ዚ ክበሃል ክምከር ዘለዎ 'ምበኣር፡ እቲ

*ኣንጻር መላኺ መንግስታዊ ጉጅለ ዝግበር ምርድዳእ፡ ዝፍጠር ውደባ፡ ዝወጽእ ውጥን ካብ ዝሓለፉ ፈተነታትን ፍሽለታትን ግቡእ ትምህርቲ ወሲዱ ብጽፍፉ ኣገባብ ዝሰላሰል ክኸውን ኣለዎ ዝብል'ዩ። ነቶም ንስልጣን ውልቀ መላኺ ስግኣት ስለዝኾኑ በብውልቀ ክጥፍኡ ዝተገብሩ ጀጋኑና ኮነ፡ ኣብ'ቶም ካብ* 1-8 *ተጠቒሶም ዘለው ብእኩብ ናይ ፈተነ ኣብነታት፡ ብዙሕ ዋጋ'ዩ ተኸፊሉ። ሰባት ኣካሎም ጎዲሎም። ሞራሎም ተሃሪሙ። ኣበይ ኣትዮም ዘይፍለጡ ጠፊኦም። መተካእታ ኣልቦ ህይወቶም ዝገበሩ ብዙሓት'ዮም።*

*እዚ ኹሉ ፈተነን ፍሽለታትን ንውልቀ መላኺ ኢሳያስን መጋበርያኡን ዝያዳ ብመን ይኸእለና ብመንገዲ ጥፍኣት ክሃሉ ፍናን፡ ኣብ ውጹዓት ህዝብታት ኤርትራ ኸኣ ሞራላዊ ውድቀት ከም ዝፈጥር ርዱእ ነገር'ዩ። ስለዚ ብሕጂ ዝግበር ፈተነ ሕልናኦም ዝሸጡ ተቓወምቲ መሲሎም ንውልቀ መላኺ ኢሳያስ ዘገልግሉ ላዕለዎት መራሕትን ሓላፍትን ኢና በሃል ዘይፈልጥዎ ዘይተሓወስዎ ምኻኖም፡ ክህረም ዝተደልየ ሸቶ* 98% *ልክዕ ምኻኑ ተኣሚንሉ ዝፍጸም ክኸውን ኣለዎ። ፍጹም ካብ ተደጋጋሚ ፈተነን ተደጋጋሚ ፍሽለትን ዝደሓነ ከምዝኾነ ዝለዓለ እምነት ተነቢርሉ፡ ብልዑል ምስጢራውነትን ጥበብን ዝተታሕዘ መደብ ክኸውን ኣለዎን ይግባእን።*

*ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡* 08-10-2018